VSJF Verband Schweizerischer Jüdischer Fürsorgen
Union Suisse des Comités d'Entraide Juive
Mitglied der Schweizerischen Flüchtlingshilfe (SFH)
Membre de l'Organisation Suisse d'Aide aux Réfugiés (OSAR)

GEMEINSAM HIER

ጀርመንኛኻ ኽተመሓይሽን መንበሪኻ ብዝሓሸ መገዲ ኽትፈልጥን ትደሊዶ፧

## "ብሓባር ኣብዚ" - ኣብ ኣውራጃታት Dietikon ን Horgen ን መዓልታዊ ብህሎ

እቲ "ብሓባር ኣብዚ" ዚብል ድርብ ቀረብ (ታንደም ቀረብ) ዘለዎ ወረቐት ኣብቲ እትነብረሉ ቦታ ምስ ደቂ እቲ ዓዲ ኽትራኸብ ይድግፈካ እዩ። ኣብ ወርሒ ኽልተ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ግዜ ኢኹም ትእከቡ። ኣብ ሽው እዋን እዚ ብዛዕባ መዓልታዊ ጒዳያት ክትዘራረቡ፣ ብሓባር ምግቢ ኽተዳልዉ ወይ ብእግርኹም ክትዛወሩ ትኽእሉ ኢኹም። ምስ ናይ ታንደም ሽርካኻ/ኺ ጀርመንኛ ብዝቐለለ ትመሃሩ፣ ሰብ ኽትራኸብን ምስ ጐረባብትኻ ብዝሓሸ ክትላለ ኢኻ።

ንምስታፍ ዜድሊ ቐንዲ ረቛሒ፡-

- ኣብ ምምሕዳር ከተማ Horgen ወይ ኣውራጃ Dietikon ዚርከብ መንበሪ
- መርገጽ ጽንሓት F (ግዜያዊ ቅባለ) ወይ B(ዝተቐበለ ስደተኛ)
- ምሉእ ዕድመ ምህላው
- እንተ ወሓደ ኣብ ወርሒ ኽልተ ኣኼባታት ዚግበረሉ ግዜ
- ናይ ገዛእ ርእስኻ ናይ ጀርመንኛ ክእለት ንምምሕያሽን ናይ ገዛእ ርእስኻ መነባብሮ ብዝሓሸ መገዲ ንምፍላጥን ዘሎካ ባህጊ
- ናይ ጀርመንኛ ኽእለት እንተ ወሓደ ደረጃ A1

ኣከያይዳ ምዝገባ፡-

1. ብተሌፎን ብዋትስኣፕ ወይ ብኢ-መይል ትረኽቡና ኢኹም። ፎርም ምዝገባ ኽንሰደልካ መሊእካ ድማ ክትልእከልና ኢኻ።
2. ናብ ዕላል ንዕድመካን ብዛዕባ እቲ ኺህልወካ ዚኽእል ነገራት ንመያየጥን ኢና።
3. ብቑዕ / ብቕዕቲ ናይ ታንደም ሽርካ ኢና እንደሊ ዘለና። ሓድሓደ ግዜ እዚ ቐልጢፉ ሓድሓደ ግዜ ኸኣ ቀኍሩብ ዝነውሐ ኢዩ ዝኸይድ።
4. ብቑዕ ሰብ ምስ ረኸብና ክንራኸብን ኣኼባ ኽንውድብን ኢና።
5. ምስቶም ተኣከብቲ ኼንና ኣብ ሕቶታትን ብድሆታትን ንሕግዝ።

እቲ ታንድም ዳርጋ 6 ክሳብ 12 ወርሒ እኳ እንተ ኾነ ኪቕጽል ይኽእል እዩ።

ተገዳስነት እንተ ኣልዩካ ወይ ገለ ሕቶታት እንተ ኣልዩካ ብኽብረትካ ምሳና ተራኸብ።

ሕቶኹም ወይ ጠለብኩም ብሃንቀውታ ኢና እንጽበዮ!

**ርክብ፥**
Rina Lombardini፣ ወዳቢት ፕሮጀክት
ተሌፎን፥ 044 206 30 63
WhatsApp፥ 078 209 74 33
ኢ-መይል፡- rina.lombardini@vsjf.ch
መርበብ ኢንተርነት፥ www.gemeinsam-hier.ch